ናይ ደገፍ መልእኽቲ
ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
21.08.2005

ክቡር ሓው ቀሺ ሃንስ ቪሰር፣ ሓላፊ ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ ከተማ ሮተርዳም፣ ሆላንድን፥ ናይ ነዊሕ እዋን ፈታውን መሓዛን ኤርትራውያን፤ ኣብቲ ብጨናፍር ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ፍራንክፈርት እተዳለወ መበል 20 ዓ መት ፈስቲቫል ኤርትራ ተረኺቡ ዘስምዖ ቃል እንሆ፣

ክቡራትን ክቡራንን

ኣብ መንጎኹም ተረኺበ መግለጺ ክህብ ክብሪ ይስምዓኒ። ካብ ሰማንያታት ኣትሒዘ ኣብ ሆላንድ፣ ብፍላይ ድማ ኣብ ሮተርዳም ምስ ዝርከቡ ኤርትራውያን ጽቡቕ ዝምድና ኢዩ ጸኒሑኒ። ዕርክነተይ ምስ ኤርትራውያን ምውቕ ኢዩ ጸኒሑን ዘሎን። እንተኾነ ግን፣ በቲ ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ዘሎ ፖለቲካዊ ግርጭታትን ገንዘባዊ ጉዳያትን ኤርትራዊ ሜዳ ኣብ ወጥሪ ኢዩ ዝርከብ። እንተኾነ ግን፣ ኣብ ሮተርዳም ኤርትራውያን ጽጉማት ዝእለይሉ፣ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ዘካይድሉ ኣኼባታቶም ዝገብርሉ ኣብያተ-ጽሕፈት ኣብቲ ቤተ-ክርስትያን ክህልዎም ጌርና። በዚ ከኣ ሕጉሳት ኢና።

ኣብዚ እዋንዚ ኣዝዩ ጽንኩር ኣብ ዝኾነ ግዜ ኢና ንነብር ዘሎና። ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ዘሎ ኵነታት ኣዝዩ ሕማቕ ኢዩ። ኣብ ኤርትራ ዲሞክራሲ ክነግስ ኢዩ ዝብል ትጽቢት ነይሩና። ብኣንጻሩ ግን፣ ኣብ ኤርትራ ምልኪ ኢዩ ነጊሱ። እተመሓላልፍዎ ዘለኹም ውድቀት ንዲክታቶርነት ዝብል መልእኽቲ ብሩህ ኢዩ።

ኣነ ዓመጽ ኣይፈቱን ኢየ። ብዘይ ዓመጽ፣ ብሰላማዊ ህዝባዊ ናዕቢ ዝሓሸ መጻኢ ንምርግጋጽ ተኽእሎ ኣሎ። እንተኾነ፣ እዚ ዘሎናዮ ግዜ ኣዝዩ ጽንኩር ኢዩ። ኣብ ናይ ሽበራን ጸረ ሽበራን ውግእ ዝሰፈና ዓለም ኢና ንነብር ዘሎና። እዚ ድማ፣ ፍርሕን ጭቆናን ዘይምጽውዋርን ኢዩ ዘስዕብ። ኣብ መንጎ እስላማውን ዘይእስላማውን ዓለም ዘሎ ዝምድና ኣዝዩ ዓቢ ጸገም ኰይኑ ኣሎ።

ዓለም ጸጥታ ኢዩ ዝመርጽ። እንተኾነ ጸጥታ ዝረጋገጸሉ ዝበለጸ ኣገባብ እንታይ ኢዩ? ንሕማቕ ብሕማቕ ምውጋእ ዕብዳን ኢዩ። መሰረታዊ እምነት ክርስትና፣ ንጸላኢኻ ከም ነፍስኻ ፍቶ ዝብል ኢዩ። ንሕማቕ ብሕማቕ ዘይኰነስ፣ ንሕማቕ ብጽቡቕ ስዓር ኢዩ ዝብል። ኣብ ዓለም ሰላም ክረጋገጽ ዝኽእል፣ ኣብ መንጎ እተፈላለዩ ሃይማኖታት፣ ባህልታት፣ ኤትኒካዊ ጒጅለታት፣ ኣብ መንጎ እተፈላለዩ ኣህዛብን ኣብ መንጎ ውልቀሰባትን ምርድዳእ ክሰፍን ምስ እንጽዕር ጥራይ ኢዩ። ዓ ለምና ብጽልእን ዘይምርድዳእን ዓመጽን ኢያ መሊኣ ዘላ። ምርድዳእ ክፍጠር፣ ፍቕርን ጽቡቕ ርኽክብን ክሰፍን ክኽእል ኣለዎ።

ህዝቢ ኤርትራ ብዙሕ ተመኵሮ ኣለዎ። ክርስትያንን እስላምንን ዝርከብዎ ሕብረተ-ሰብ ኢዩ። ናይ ሕድሕድ ውግእን ምልክን ስእነት ሓድነትን ፍትሕን ሰላምን ዝነገሶ ሕብረተ-ሰብ ንምህናጽ ከምዘየክእል ትፈልጡ ኢኹም። ኣብ ምዕራባዊ ዓለም

ምውህሃድ ኣድላዪ ኢዩ። ምህውህሃድ ግን ጠሪስካ መንነትካን ባህልኻን ምጥፋእ ክኸውን የብሉን። ምውህሃድ ማለት፡ ናይ ኣህዛብ ዝተፈላለየ መንነት ኣብ ሕድሕዱ ክራኸብ ምኽኣል ማለት ኢዩ። መንነትና ክጠፍእ የብሉን። ነንሓድሕድና ክንረዳዳእን ክንመሃሃርን ንኽእል ኢና።

ኣብ ሆላንድ ፖለቲከኛታት ኣብ ግጉይ መገዲ ኢዮም ዝርከቡ። ፍጹም ምውህሃድ፡ ምርሓቕን ጸረ ስደተኛታት ዝኾኑ ፖሊሲታት ኢዮም ዘሰጉሙ። ጠመትኦም ሃብቲ ኣብ ምድላብ ዘትኮረ ኢዩ። ካልእ ክቕበሉ ኣይደልዩን። እዚ ፖሊሲዚ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ሆላንዳውያን ብሓደ ሸነኽ፡ እስላምን ወጻእተኛታትን ድማ ብኻልእ ነኽ ክህሉ ዝግብኦ ዝምድና ኢዩ ዘበላሹ። ዝኾነ ወጻእተኛ ኣሸባሪ ኰይኑ ከምዝርአ ኢዩ ዝገብር። ስለዚ፡ ኣብ ሆላንድ ውን ፖለቲካዊ ለውጥታት የድልየና ኣሎ።

ክቡራት ኣሕዋት፡

እቲ ኣገዳሲ ምርድዳእን ምሕዝነትን ኢዩ። ንዓለምን ጽቡቕ ኣብነት ክንከውን ንኽእል ኢና። ተስፋ ኣይንቈርጽን ኢና። ኤርትራ፡ ዲሞክራስያዊት ሃገር ክትከውን ኢያ። ፍቕርን ኵሉ ዝከኣሎ ሓይሊ ናይ ዲሞክራስን ሰላም ከምዘረጋግጽ ንተኣማመን ኢና። ሓደ ዓለም ወይ ይትረፍ ዝብል እምነት ኢዩ ዘሎና። ኣምላኽ፡ ሓይልን ልቦናን ክህበኩም እትስፎ።

ኣምላኽ ይባርኽኩም
የቐንየለይ።